# ፬ይ ሰንበት ዘጽጌ

23 ጥቅምቲ 2018 ዓ.ም (11/2/2025)

## ንምስጢር ኣምላኽ ርኢኻ ምኽኣል

መዝ.በጊዜሁ ኀለፈ ክረምት ቆመ በረከት... ክረምቲ ብግዚኡ ሓሊፉ በረኸት ተተኺሉ፥ ዕምባባታት ዓምቢቡ፥ ኣብ ገነት ናርዶስ ቃርፋን ለሚንን ትርንጎታትን ፈረየ፥ ክርስቶስ ሰንበት ሰርዐ፥ ሰናይ ንዝጸገውና ነምስግኖ።

ንባባት፡ ዕብ፡ 5፡1-6፥ 1ጴጥ 1፡13-22፥ ግ.ሓ. 23፡1-12፥ ማር 10፡46-52።

ምስባክ: ኣንተ ፈጠርከ ፀሐየ ወወርኀ፥ ወኣንተ ገበርከ ኣድባረ ወምድረ ኩሎ፥ ክረምተ ወሓጋየ ዘኣንተ ፈጠርከ።መዓልትን ለይትን ፈጠርካ ወርሓን ፀሓይን ገበርካ፥ ንምድሪ ወሰን ገበርካላ ሓጋይን ክረምትን ፈጠርካ መዝ. 74፡16-17።

፬ይ ሰንበት ዘጽጌ ንምስጢር ኣምላኽ ብመጠኑ ርኢና ከም እንኽእል የዘኻኽረና። እዋኑ ርክብ ኣምላኽን ማርያምን፥ ርክብናን ርክብ ማርያምን እነስተንትነሉ እዋን እዩ። ሕይወት ማርያም እንተ ረኣናዮ ብምልኡ ርክብ ምስ ኣምላኽ ዝነበራ እዩ ዝገልጽ። ትውፊት ካብ ንእስነታ ኣብ ቤተ መቕደስ ከም ዝዓበየት ከምኡ ወለዳ እያቂምን ሃናን ክልተ ብሩኻት ከምዝነበሩ ኣብ ዓቕሚ ሔዋን ምስ በጽሐት ገብርኤል መልኣኽ ድላይ ኣምላኽ ከም ዝገለጸላ ነንብብ። እዚ ኹሉ ምስ ኣምላኽ ዝነበራ ርክብ ይገልጸልና። ንሳ ነቲ ኣምላኽ ዝገበረላ ዓበይቲ ነገርት ርእያ ከምዝኽኣለት ባዕላ ትነግረና። ኣምላኽ ዝገበረልና ክንርኢ እንተ ኸኣልና ካብ ኣምላኽ ርሑቓት ኣይኮናን።

ወንጌል ወላ እኳ ብዙሕ ብዛዕባ ማርያም ኣይሓብረና እምበር እቲ እንረኽቦ ብምልኡ ማርያም ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ካብ ወዳ ኣይተፈልየትን። መጀመርያ ትምህርቱን ትኣምራቱን ምስኣ ጀሚርዎ ኣብ መስቀል ክመውት እንከሎ ኸኣ ምስኣ ዛዚምዎ። ድሕሪ ሞት ወዳ ንቀዳመይቲ ቤተ ክርስትያን ኣደ መምህር ሓፍቲ ሓዋርያ ኮይና ትመርሓ ነራ። ማርያም ከስ ብምልኡ ናታ ነገር ባርያን ኣገልጋልት ኣምላኽ ምዃንን ንሰባት ምስ ኣምላኽ ክራኸቡ ተኣምራት ወዳ ክርእዩ ኣብ ሕይወቱ ንሱ ዝበለኩም ግበሩ እናበለት ትነግር።

ናይ ሎሚ ወንጌል ታሪኽን ተኣምራትን ጥራሕ ኣይ ኮነን ዝነግረና ልዕሊኡ ዝኾነ ምስጢር ይነግረና። ነቲ ኣብ ኤርምያስ 31፡7-9 እነንብቦ ከም ዝተፈጸመ ይነግረና። ኤርምያስ ኣብዚ ምዕራፍ እቶም ኣብ ስደት ዝነበሩ ኣይሁድ ካብ ባቢሎን ኣብ ዓዶም ከም ዝምለሱ ይነገር፥ ከምኡ እዚ ጽሑፍ ናይ ምስጋናን ሓጎስን መዝሙሩ እዩ ምኽንያቱ እግዚኣብሔር ንህዝቡ እንታይ ከምዝገብረሎም ዝገልጽ ስለ ዝኾነ።

ከምዚ እናበለ ኸኣ ይገልጾ፤ እንሆ ካብ ሃገር ሰሜን ከምጽኦም ካብ ወሰን ምድሪ ኸኣ ኽእክቦም እየ ምስኦም ድማ ዕዉርን ሓንካስን ጋቢሮም ዓቢ ጉባኤ ኮይኖም ናብዚ ኽምለሱ እዮም. . . . ክመርሖም ከሎኹ ብዘይዕንቀፋላ ጽጽይቲ መገዲ ናብ ወሓዚ ማይ ክመርሖም እየ ይብል።

ዘንበብናዮ ወንጌል መጨረሻ ትኣምራት ኣብ ወንጌል ማርቆስ እንረኽቦ እዩ ዝነግረና። ኢየሱስ ድሕሪ ነዊኂ ትምህርቲ ንሓዋርያቱ ዝሃቦ እዩ ዘመጽእ። እዚ ክፍሊ ካብ ምዕ 7 እዩ ዝጅምር፥ ብዛዕባ ምሕዋይ ሓደ ሰብኣይ ጸማምን ዓባስን ዝነበረ፥ ምስ ሓወየ ከመይ ኢሉ ከም ዝዛረብን ዝሰምዕን ተማሂሩ። እዚ ነገራት እዩ ንሓደ ተኸታል ክርስቶስ ክምሃሮ ዘድልዮ። ምስማዕን ምርዳእን ንቓል ኣምላኽ እሞ ንዝሰማዕካዮ ምስ ካልኦት ተኻፊልካ ምኽኣል።

ኣብ ምዕ. 8 ክልተ ዓይነት ምሕዋይ ናይ ዕዉር ሰብኣይ ይነግር። እዚ ነቲ ናይ ሓዋርያት ቀስ ኢሎም መንነትን ተልእኮ ኢየሱስ ክርድኡ ዘርእይዎ ዝነበሩ ዕብየት ንምግላጽ እዩ፥ እዚ ክፍሊ ብምልኡ ብዛዕባ ሓደ ዕውሩ ክርኢ ከምዝኽኣለ ብዝሕብር ይዛዝሞ።

ማርቆስ ወንጌላዊ ከዘንትወልና እንከሎ ኢየሱስ ምስ ሓዋርያቱ ምስ ብዙሕ ሕዝቢ ንከተማ ኢያሪኮ ሓዲጉ ንኢየሩሳሌም ገጹ ክኸይድ እንከሎ ነዚ ተኣምራት ከም ዝገበረ ይነግረና። ኢያሪኮ ኣብ ሰሜናዊ ምስራቕ ንኢየሩሳሌም ከድከይ እንከሎኻ እያ እትርከብ። እዚ ነዚ ዝስዕብ ታሪኽ ፍሉይ ትርጉም ኣለዎ።

ዕዉርን ለማናይን ኣብ ዘፈር መገዲ ኣብ ማርቆስ ስሙ ብባርጢሜዎስ ዝፍለጥ ከምዝነበረ ይነግረና። ኣብ ባህሊ ኣይሁድ ዝኾነ ዓቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ኣብ ዓመት ሓደ ጊዜ ኣብ ኢየሩሳሌም ክሳለም ግድን እዩ እቶም ክኸዱ ዘይክኣሉ ኣብ ዘፈር መገዲ ኾይኖም ነቶም ነጋድያን የፋንውዎም ምስኦም ለመንቲ እውን ክልምኑ ኣብ መገዲ ኮይኖም ይልምኑ። ኣብ ዓድና ኣብ ዓበይቲ ንግደታት ከም ማርያም ድዓሪት፥ ደብረሲና፥ ማርያም ጽዮን፥ ኪዳነምህረት ብዙሓት ክልምኑ ይርአዩ።

ባርጢሜዎስ ዋዕዋዕ ዝብል ድምጺ ምስ ሰምዐ እንታይ ምኻኑ ሓቲቱ፥ እቶም ዝሓተቶም ኢየሱስ ይሓልፍ ኣሎ ኢሎም ነጊሮሞ ሽዑ ዓው ኢሉ ኢየሱስ ወዲ ዳዊት ምሓረኒ ክብል ጀሚሩ? እንታይ እዩ ዝደሊ ዘሎ? ገንዘብ? ክሓዊ? ምናልባት ኣብታ ስዓት ንግሉ ዘድልዮ ነገራት ይሓትት ነሩ ይከውን። ምናልባት ብዛዕባ ኢየሱስ ብዙሕ ዓበይቲ ነገራት ከምዝገበረ ሰሚዑ ይኸውን እዩ። ሕቶኡ ሕቶ ነፍሲ ወከፍና እዩ። ንኢየሱስ ሓቲትካ ምኽኣል ጸጋ የውህብ።

እቶም ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ሰባት ሱቕ ክብል ገንሕዎ ምኽንያቱ ልዕሊ ዝኾነ ነገር ድኻ ለማናይ እዩ፥ ንከም ኢየሱስ ዝኣመሰሉ ዓበይቲ ሰባት ክርብሽ ኣይግብኦን። ኣብ ሕይወትና እውን ብዙሓት ሰባት ኣብ ኢየሱስ ከይ መጽኡን ከይንመጽእ ክዓግቱና ይኽእሉ እዮም። ክንደይ ጊዜ ቅዳሴ ከይንሰምዕ፥ ጸሎት ከይንገብር፥ ኣብ ጉዳይ ቤተ ክርስትያን ከይንሳተፍ ምኽንያታት ነገብር ንኸውን። ዝገደደ ክንደይ ጊዜ ሰባት ኣብ ኢየሱስ ከይቀርቡ ዓጊትናዮም ንኸውን? ጽቡቅ ከይ ገብሩ፥ ሕይወቶም ንኣምላኽ ከየገልግሉ፥ ከምኡ ኣብ ጥቕሚ ርእስና ጥራሕ ጠሚትና ንካልእ ከይሕግዙ ዓጊትና ንኸውን? ኣብ ኣምላኽ ከይቀርብ ዝዓገትክዎ ሰብ ኣሎዶ?

ባርጢሜዎስ ብቐሊል ዝዕገት ሰብ ኣይነበረን ኢየሱስ ክሳብ ዝሰምዖ ካብ ምጽዋዕ ደው ኣይበለን። እኳ ድኣ ኢየሱስ ክሰምዖ ኢሉ ድምጹ ዓው ኣቢሉ ይጽውዕ ነሩ። ንሱ ዕዉር ምዃኑ ኣጸቢቑ ስለ ዝፈልጥ ዝነበረ እሞ ኢየሱስ ከም ዘሕውዮ ስለ ዝኣመነ ካብ ምጽዋዕ ኣየቋረጸን። እዚ እዩ ናይ ሓደ ክሕደስ ክቕየር ዝደሊ ሰብ ዝገብሮ። ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ብቐጻሊ ክንጽውዕ ክንልምን ከምዘሎና ነጊሩና እዩ። ድላይና ክንረክብ ክንጽውዕ ክንልምን ኣሎና።

ኣብ ሕይወትና ከይንጽውዕ ወይ እውን ኣብ ኢየሱስ ከይንቐርብ ዝዓግቱና ነገራት ኣለዉ፡

1. ባህሊ/ልምዲ፡ ቅድሚ ሕጂ ገረዮ ኣይፈልጥን፥ እዚ ሓዲስ እዩ ንኣይ፥ ኣብ ባህልና ኣብ ስርዓትና ከምዚ ዝብሃል የለን፥ ኣቦታተይ/ኣደታተይ ኣይገበርዎን/ኣይገበራኦን እናበልና ከድሕነናን ንዝኽእል ነገራት ንነጽግ። ልምዲ ንመንፈስና ይቐትልን የደንዝዝን።

2. ፍርሒ፧ እዚ ኣይ ገብርን፥ ሰባትከ እንታይ ክብሉኒ? ኣበይ ገጹኸ ክከይድ እዩ እናበለና ብፍርሒ ንዕገት ተጸጊምና ከሎና ስኣን ምንጋር ወይ ምዝራብ ነገራት ይበላሸወና።

3. ጣዕሚ፡ ጽቡቕ ኣሎኹ ዝጎድለኒ የብለይን፥ ከምዘለኽዎ ጽቡቕ ኣሎኹ ኢልና ንርእስና ኣብ ዘሎናዮ ዓይነት ሕይወት ዓጺና ንነብር። ሃብቲ ጥዕና፥ ፍሉይ ክእለት፥ ኣብ ገለ

እዋን ዕግበት ስለ ዝህቡና ምቾትን ጥዑም ኩነታት ስለ ዝፈጥሩልና ካልእ ክንርኢ የጸግመና።

4. **ትዕቢት፡** ኵሉ ክእለት አሎኒ ባዕለይ አርክበሉ እየ፥ መደብ አሎኒ፥ ነገራት ክቕየሩ እዮም እናበልና ንኹሉ ባዕልና ክንገብር ንፍትን። ትዕቢት ንልብና ይዓጽዎ አምላኽን ሰብ ከማናን ከይሕግዙና ስለ እንዓጹ አብ ጸልማት ርእስና ንነብር።

ኢየሱስ ምስ ሰምዖ ደው ኢሉ፥ ምናልባት እዚ ሰብአይ ካብ ምጽዋዕ አቋሪጹ እንተ ዝኸውን ኢየሱስ መገዱ ምቐጸለ ነሩ። ክንደይ ጊዜ ኢየሱስ አብ ዕለታዊ ሕይወትና ብጥቓና ሓሊፉ ይኸውን እሞ ስአን ምጽዋዕናን ምልላይናን ሓሊፉና ይኸውን። እቲ ጸገም ብዙሕ ጊዜ ንሕና ውሱን ሓሳብ ገርና አበይ ከም እንርእዮን ወይ አብ ከመይ ኩነታት ከም እንጽበዮ ንውስን። አብ መንበረታቦት ክትረኽቦ ዝቐለለ እዩ ግን አብ ዘይንፈትዎ ሰብ ክንረኽቦ እውን ቀሊል እዩ። ኢየሱስ ብዝኾነ መልክዕ፥ ብዝኾነ ሰብን ኩነታትን ወላ እውን ብዘይ ንግምቶ ነገር ክመጽእ ይኽእል እዩ።

## ጸውዕዎ

አብዚ ክመጽእ ጸውዕዎ ኢልዎም። ኢየሱስ ባዕሉ አይኮነን አብቲ ሰብአይ ከይዱ ወይ እውን ብቐጥታ ባዕሉ አይጸውዖን። እቶም ሱቕ በል እናበሉ ዝኸልክልዎ ዝነበሩ ክጽውዕዎ ነጊርዎም። ሽዑ ንሶም **አጆኻ ተንሥእ ይጽውዓካ አሎ** እናበሉ ጸዊዖሞ፥ አብዚ ቃላት ሰለስተ ፍሉይ ትርጉም ዘልኦ ነገራት ንርኢ፡ (1) ዘበራትዕ አጆኻ (2) ተንሥእ፥ ትንሣኤ ንሓዲስ ሕይወት ብአካላውን ብመንፈሳዊ ነገር። (3) ይጽውዓካ አሎ። ባርጢሜዎስ በቲ ሰባት ዝበልዎ ሱቕ ኢሉ እንተ ዝኸውን ክንደይ ዓሻ ምኾነ። ናይ ህዝቢ ነገር ተለዋዋጣይ እዩ። አብ ኢየሱስ ከምጽኡናን ከርሕቑናን ይኽእሉ። ብዙሓት አብ ኢየሱስ ዘቕረቡኒ አለዉ፥ ወለደይ፥ ቤተ ሰበይ፥ አዕሩኽተይ፥ መማህራነይ፥ ዝሰማዕክዎ ስብከት፥ ሱባኤ፥ ዘንበብክዎ መጻሕፍቲ፥ዝርአኽዎ ተለቭዥን ወይ ፊልም . . . . አብዚ ነቶም ነዚ ዝገበሩለይ አብ አምላኽ ዘቕረቡኒ ከመስግኖም አሎኒ። ከምኡ ብአይ አቢሎም ንኢየሱስ ክሰምዑ ክርእዩ ዝደልዩ ካብ ስድራይ ካብ መሳርሕተይ . . . አለዉ፥ እሞ ክሳብ ክንደይ ብዛዕባ እምነተይ ንኻልኦት ከፍልጥ እዛረብ ወይ እምስክር? ክንደይ እዮም ከም ውፉይ ክርስትያን ዝፈልጡኒ? አብ ርእሰይ ጥራሕ ዝተወሰነ ክርስትና ተገራጫዋይ ፍረ ዘይብሉ እዩ።

አምላኽ ንብዙሕ ነገራት ክገብረልና ሰባት እዩ ዝልእከልና ምስ ሓመመና ዶክተር ይሰደልና ምስ ተጸገምና ንሓደ ሓውና/ሓፍትና ይሰደልና። አብ ሕይወትና ልኡኽ አምላኽ ኮይኑ ንዝመጽእ ክንቅበሎ ክንሰምዖ ጥቕሚ አልኦ።

## አብ ኢየሱስ ምቕራብ፡

ባርጢሜዎስ መጸዋዕታ ኢየሱስ ምስ ሰምዐ ነጸላኡ ደርብዩ ዘሊሉ ናብ ኢየሱስ መጸ። ንሓደ ለማናይ ነጸልኡ መደቀሲቱን እታ እንኮ ዝውንና ንብረቱ እያ። ነዚአ እንኮ ንብረቱ ደርብዩ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ጥርሑ ሓንቲ ዘይብሉ ሕይወቱ እዩ አቕሪቡ። አብ ኢየሱስ ገጽና ክንከይድ ምስ ጀመርና ድሕረና ክንሓድጎ ዝግብአና ነገራት አሎ። ባርጢሜዎስ ነጸልኡ ደርብዩ እዚ ኸአ አምሳል እቲ አሚቑ ዝሕዘና ካብ አምላኽ ዝፈልየና ነገራት እዩ። እሞ ሎሚ ክድርብዮ ዝግብአኒ ነጸላ ካብ አምላኽ ፈልዩኒ ዘሎ እንታይ አሎ ክንብል ይግብአና።

ቀዳሞት ወለድና ብሰንኪ ኃጢአቶም ጥርሑም ምስ ኮኑ ሕፍረት ተሰሚዕዎም ካብ አምላኽ ክሕብኡ ጀሚሮም። ኢየሱስ አብ መስቀል ጥርሑ ብምማቱ ነቲ ብሰንኪ ኃጢአት ዝአቶ ሕፍረት አብ ክብረትን ድሕነትን ቀይርዎ። በርጢሜዎስ አብ ቅድሚ ኢየሱስ ብዘይ ሕፍረት ጥርሑ ደው

ኢሉ። ኣብ ጥምቀት ብፍላይ ኣብ ቀዳሞት ዘመናት ክርስትና ዝዝውተር ዝነበር ሎሚ እውን ኣብ ምስራቓውያን ኣብያተ ክርስትያናት ዝዝውተር ኣብ ክርስቶስ ዘልኦም ውፉይ ሕይወት ከመልክት ምእንቲ ንኡሰ ክርስትያን ቅድሚ ምጥማቑ/ቃ ንዝአረገ ክዳውንቲ ደርብዩ ሓዲስ ጻዕዳ ክዳን ይኽደን እዚ ኸአ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ምስ ክርስቶስ ዘልኦም ንምምልካት እዩ። ስለዚ ባርጢሜዎስ ብምሉእ እምነትን ምሉእ ነጻነት ሓንቲ ዘይብሉ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ይቐውም። ነዚ ምስቲ ሃብታም ሰብኣይ ጽቡቕ ዝተኸድነ እሞ ኢየሱስ ክኽተሎ ምስ ጸውዖ ሃብቱ ዝመረጸ ክነወዳድሮ ንኽእል። ኣብ ርእስና ተመሊስና ኣነ ንመን እመርጽ ክንብል ኣሎና። መሪጽና እንተ ዘይከኣልና ክንጋገ ክንርሕቕ ንኽእል ኢና እሞ ሎሚ ኣነ ንመን መሪጸ ኣሎኹ ክንብል ይግብኣና። ኣብ ሕይወተይ ክድርብዮ ክሓድጎ ክቕይሮ ዝግብኣኒ ነገር እንታይ ኣሎ ክንብል ይግባእ። ንሕና ብባህርና ንዝሓዝናዮ ወይ ንዝለመድናዮ እሞ ናተይ ኢልና ንዝሓዝናዮ ልምዲ ወልፊ ዝኣመሰሉ ክንሓድግ ይጽግመና እዩ ስለዚ ትብዓትን ምሉእ እምነት ኣብ ኢየሱስ ገርና ክንቀርብ ኣሎና።

## እንታይ ክገብረልካ ትደሊ፡

ገጽ ንገጽ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ደው ኢሉ እንከሎ እንታይ ክገብረልካ ትደሊ ዝብል ሕቶ ንባርጢሜዎስ ቀሪብዎ። ኣብዚ ኢየሱስ እቲ ኣብ መልእኽቲ ዕብራውያን ሊቀ ካህንት ተባሂሉ ዘሎ ባህርና ዝለበሰ ንኹሉ ዘድልየና ኵሉ ብዕምቀት ዝፈልጥ እዩ ዝሓቶ ዘሎ። ሊቀ ካህናት ዘበለ ኵሉ ካብቶም ከምኡ ዝኾኑ ሰባት ይኅረ፥ ንእግዚኣብሔር ብዝርኢ ነገር ከአ መባእን መሥዋዕትን ስለ ኃጢኣት ምእንቲ ኼቕርብ ምእንቲ ሰብ ይሸየም (ዕብ 5፡1)። ደቂ ዘብዴዎስ ንኢየሱስ ዝለመንናካ ኽትገብርለና ንደሊ ኣሎና ምስ በልዎ፥ እንታይ ክገብረልኩም ትደልዩ ኢልዎም? (ማር 10፡36)። ንሶም ከአ ኣብ ክብሪ ሓደና ኣብ ብየማንካ ሓደና ድማ ብጸጋምካ ኽንቅመጥ ፍቐደልና ኢሎም ለሚኖሞ። ኢየሱስ ኣብ ዝሃቦም መልሲ ሕጽር ብዝበለ ዝውሃቦም በቲ ኣብ ሕይወቶም ምስ ኣምላኽን ሰብን ዝገበርዎ ከም ዝውሰን ነጊርዎም፥ ቀጺሉ ኸአ ንኻልኦት ብምግልጋል ዝርከብ ክብሪ ክደልዩ እምበር ንስልጣንን ክብርን ከይጥምቱ ኣስተምሂርዎም። ኣብ ገለ እዋን እትልምኖ ምፍላጥ ኣድላዪ እዩ።

ምስጢር ሕይወት ርኢኻ ምኽኣል እዩ፥ ናይ ሕይወት ሓቀኛ ትርጉምን ሓበረታን ምርኣይ፥ ራእይ ዘለዎ ህዝቢ ምኳና፥ ኣምላኽ ኣበይ ከምዝርከብ ምፍላጥ፥ ሓቀኛ ሓቅን ሕያውነትን ጽቡቕን ዝርከቦ ምፍላጥ እዩ። ኣብዚ እንርእዮ ኢየሱስ ንዝቐረበሉ ጸሎት ክምልስ ንርእዮ ማለት "ኪድ እምነትካ ኣባይ ስለ ዝኣመንካ ድኂንካ ኣሕውያትካ ምሉእ ገራትካ እናበለ ኣብኡ ዝኣመነን ዝቐረበን እሞ ዝለመነን ዝረኸቦ ገሊጹ። ባርጢሜዎስ ብኡብኡ ረአየ ኣብ መገዲውን ሰዓቦ።

ሎሚ ኣብ ቅድሚ ኢየሱስ ኣሎና እንታይ ክገብረልካ/ኪ ትደሊ እንተ ዝብለና እንታይ ምበልና? ኣብ እምነት ዝተመስረተ መልስዶ ምሃብና ወይስ ጌና ኣብ ውረት ከሎና ካልእ ምለመና። እንልምኖ ኣብ ኣምላኽ ዘቕርበና ሓቀኛ ልመና ክኸውን ይግባእ። ለምኑ ክውሃበኩም ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም ኢሉና እዩ።

## ምርኣይ ከምዝስዕብ ገርዎ።

ባርጢሜዎስ ምስ ረአየ እንታይ ገሩ? ነታ ሓደ ሰብ ናይ ሓቂ ዝርኢ እንተ ኾነ ዝገብራ ገሩ። ንኢየሱስ ኣብ መገዲ ስዒብዎ። ኣብ መጀመርያ እዚ ዕዉር ኣብ ዘፈር መገዲ ኮይኑ ከም ዝልምን ዝነበረ ኢና ርኢና፥ ንኢየሱስ ጌና ኣይረኸቦን ነሩ። ንሱ ዕዉርን ድኻ ለማናይ፥ ዘይንቀሳቐስ ኣብ ሓደ ቦታ ኮይኑ ዝልምን እዩ ነሩ። ኣብ መወዳእታ ናይ እቲ ታሪኽ ግን ዝርኢ ሰብ ራእይ ዘልኦ ኣበይ ገጹ ከምዝኸይድ ጽቡቕ ገሩ ዝፈልጥ። ካብ ሕጂ ንድሓር ለማናይ ዘይኮነ ጽቡቕ ገሩ ዝርኢ። ኣብ ዘፈር መገዲ ኮይኑ ዘይልምን ናይ ሰባት ትኳቦ ዘይጥምት። ለማናይ ኣብ መገዲ

ዘይኮነ ብመገዲ ዝኸይድ ኮይኑ ንርእዮ። ኢየሱስ ኣብ ትምህርቱ ንሱ መገድን ሓቅን ሕይወትን ከምዝኾነ ገሊጹ። እዚ መገዲ ከም ዝረአናዮ ንኢየሩሳሌም ዝወስድ እዩ ማለት ንሕማምን ሞትን ትንሣኤ ገጹ ዝወስድ።

እሞ ንርኢ ዘሎና ጠባይና ኣተሓሳስባና ምስ ኣምላኽ ዘሎና ርክብ ርኢና ንኽእል ዘሎና ወይስ ጌና ኣብ ዑረት ኢና ዘሎና። ኣብ ሕልናና ኣቲና ንፈትሽ ካብ ምርኣይን ንኢየሱስ ካብ ምስዓብን ዓጊቱና ዘሎ ክንቅንጥጥ ኣብ መንበር ንስሓ ተቐሚጥና ክርኢ ሓግዘኒ ኢልና ንለምኖ። ኣብ ትምህርቲ እምነትና ክርኢ ዝኽአለ ሰባኺ ወንጌል ሰዓብ ክርስቶስ እዩ ዝኸውን። ክርኢ እደሊ ኣሎኹ ዝብል ጸሎትና ይኹን።

እዚ ዝሰማዕናዮ ታሪኽ ናይ እቲ ቅ. ማርቆስ ንሰማዕቱ ብሩህ ርድኢት እምነቶም ኣብ ክርስቶስ ክህልዎም ምእንቲ ከምኡ ንክርስቶስ ምእማን ማለት እንታይ ማለት ምዃኑ ከምህሮም ዝቐረበ እዩ። ናይ ሓደ ክርስትያን ኣብ ሕይወቱ ክጕዓዞ ዘለዎ መገድን ሕይወትን ዝሕብር እውን እዩ።ከም ክርስትያን ትርጉም ሕይወት ክርድኣና ዓይንና ክንከፍት ኣሎና። ክንርኢ እንተ ኸኣልና ሓዲስ ራእይ ክህልወና እዩ ንኹሉ እንጕዓዞን እንገብሮን ከአ ኣብ ሓቀኛ ጕዕዞ ከም ዝኸይድ ክንገብሮ ኢና። ምስ ኢየሱስ ኣብ ኢየሩሳሌም ዝወስድ መገዲ ብብሩህ ራእዩን ሓቀኛ ነጻነትን ክንጕዓዝ ስንድዋት ክንከውን ይግብኣና።

ኦ ኢየሱስ ወዲ ዳዊት ኃጢአተይ ክርኢ ሓግዘኒ ንበሎ።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ